## ኣልሙስተቕላ፡ እተባህለት ናይ ተለቪዥን ማዕከን
## ምስ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤ.ዲ.ኪ. ርክብ ኣካይዳ

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
23.03.2006

ኣልሙስተቕላ፡ እተባህለት ናይ ተለቪዥን ማዕከን፡ "ዕድላት ናይ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ብዙሓት ርእይቶኦም ዝሃብሉ ርክብ ወይ ቃለ-ምልልስ፡ ምስ ሓው ሑሴን ኸሊፋ ኣካይዳ።

ሓው ሑሴን፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ንኤርትራ ሓራ ካብ ኣውጽኣታ፡ ከተመሓድራ መሰል የብላን ድያ ንዝብል ዝቐረበሉ ሕቶ ክምልስ እንከሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ክሳዕ 1961 ተሓኤ እተመስረተትሉ እዋን፡ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ይቃለስ ነይሩ ኢዩ። ህዝባዊ ግንባር ከኣ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ውድባት ናይ ሰውራ ኢያ። ስለዝኾነ ሓርነትን ናጽነትን ኤርትራ ውጽኢት ናይ ተጋድሎ መላእ ህዝቢ ኤርትራን ኲለን ውድባቱን ደኣ'ምበር፡ ናይ ህዝባዊ ግንባር ጥራሕ ኣይኰነን ኢሉ።

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት፡ ምስ ኲለን ጐረባብቲ ሃገራት ኣብ ውግእ እንከሎ፡ ልዑላውነት ናይ ኤርትራ ን15 ዓመታት ክከላኸለሉ ምኽኣሉ ከም ዓወት ኣይትቖጽርዎን'ዶ ንዝብል ሕቶ ከኣ፡ ሓው ሑሴን፡ ኤርትራ ኣብ ግንቦት 1993 ብዝተኻየደ ሪፈረንደም ናጽነታ ካብ ዝተጓናጸፈትሉ ዕለት ኣትሒዛ ብዝኾነ ይኹን ሃገር ብፍላይ ድማ ብጐረባብታ ንልዑላውነታ ዝደፍር ወስታ ኣይተገብረላን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፡ ደገፍ ናይ ኲለን ጐረባብታ ኢያ ረኺባ። ስርዓት ኢሳያስ ግን፡ ናይ ኤርትራ ናጽነት ድሕሪ ምእዋጁ፡ ናይ ገለ ሰበስልጣን ጽምእታት ንምርዋይን፥ ተቓወምቲ ውድባት ንዘቕረብዎ ኣብ ዳግመ-ህንጻ ናይ'ታ ብናይ 30 ዓመታት ውግእ ዝዓነወት ሃገር ናይ ምስታፍን፥ ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ንኽምለሱ ዘለዎ መሰልን፥ ናይ ሃገራዊ ዘተ ጠለባት ንምዕጻፍ ኢሉ ኢዩ ንብኡ ንብኡ ውግኣትን ግርጭታትን ኣንጻር ጐረባብቲ ሃገራት ክጽሕተር ዝጀመረ። ስለ'ዚ፡ እቲ ስርዓት፡ ስልጣን ምብሓትን ሃብቲ ሃገር ምግባትን እንተዘይኰይኑ፡ ካልእ ዘፍረዮ ቍም-ነገር የብሉን ኢሉ።

ቀጺሉ፡ ተሓኤ ይኹን ካልኦት ተቓወምቲ ውድባት፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ሓድሽ መድረኽ ኢዩ ተኸሲቱ ካብ ዝብል እምነት፡ ነቲ ምስ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረና ፍልልያት ንምዕጻው ተበግሶ ወሲድና። ገለገል ፈተውቲ ሃገራት ውን፡ መንጐኛታት ኰይኖም ከራኽቡና ብዙሕ ጽዒሮም። እንተኾነ ግን፡ እቲ ስርዓት ንኹሉ እተወስደ ተበግሶታት ነጺጉ፤ ካብኡ ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ዘለዎም ውድባት ምርሓቕን፤ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ጐረባብቲ ሃገራት ጣልቃ ምእታውን ዝብል ፖሊሲታት ክኽተልን፡ ውግኣት ከባርዕን ተራእየ ኢሉ።

ህዝባዊ ግንባር ከመይ ኢሉ'ዩ ስልጣን ክጭብጥ ክኢሉ ንዝብል ሕቶ ከኣ፡ ሓው ሑሴን፡ ህዝባዊ ግንባር ብጊሓቱ ስልጣን ንበይኑ ክብሕት ኢዩ ሓንጺጹ ተበጊሱ። ካብ 1981 ኣትሒዙ ድማ፡ ምስ ሓቀኛ ባህርያቱን ድሌታቱን ዘይተረድኡ ዞባዊ ውድባትን ኣህጉራዊ ክልታትን ብምምሕዛው፡ ንተቓወምቲ ዝኾኑ ውድባት ካብ ሜዳ ኤርትራ ከርሕቕ ጀሚሩ ክብል መሊሱ።

ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፉ 15 ዓመታት ድሕሪ ናጽነት፡ ነቲ ስርዓት ኣብ ምምካት ዘርኣይዎ ድኻም'ከ ግደ የብሉን ድዩ ንዝብል ሕቶ ክምልስ እንከሎ፡ ተቓወምቲ ውድባት፡ ብፍላይ ካብ ኤርትራ ሓራ ዝወጸትሉ እዋን ክሳዕ ሪፈረንደም እተኻየደሉ እዋን ዝነበረ ግዜ፡ ልዝብ ክግበር ኢዩ ዝብል ተስፋ ኢዩ ነይርዎም። ከምኡ ውን፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ስርዓት

ኢሳያስ ኣብ ዞናና ምርግጋእ ከምጽእ ኢዩ ዝብል ዞባውን ኣህጕራውን ርእይቶ ነይሩ። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ፡ ንንጥፈታት ተቓወምቲ ውድባት ደው ንምባል ብዅለን ሃገራት ናይ'ቲ ዞባ ስጕምታት ክውሰድ እተጀመረ። ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ፡ ልክዕ ከም ካልኦት ዲክታቶርያውያን ስርዓታት ናይ ስሉስ ዓለም፡ ቀንዲ ምንጪ ናይ ሓይሉ፡ ኣብ ወተሃደራውን ጸጥታውን ትካላት ዝተመርኰሰ ኰይኑ፡ ቍጠባዊ ረብሓታት ናይ'ቶም ናይ ስልጣን ኣርካናቱ ምሕላዉ ኢዩ ነይሩ፡ ጌና ውን ዘሎን ኢሉ።

ባህርያት ናይ'ቲ ስርዓት ሃይማኖታዊ ኢዩ ንዝብል ካብ'ቲ ሓታታይን ካብ ገለ ተሳተፍቲ ኣብ'ቲ ክትዕን ንዝቐረበ ገምጋም ክምልስ ከሎ ድማ፡ ኤርትራውያን ዝተፈላለየ ገምጋማት ኣለዎም። እዚ ገምጋማት'ዚ እውን ካብ መደረኽ ናብ መድረኽ ክቀያየር ይርአ ኢዩ። እንተኾነ፡ እቲ ሕጂ ዝግሃድ ዘሎ ተረኽቦታት፡ ባህርያት ናይ'ቲ ስርዓት ዲክታቶርያዊ ምዃኑ ኢዩ ዝሕብር ኢሉ። ነዚ ዘረጋግጽ ከኣ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣስላማይ ይኹን ክርስትያናይ በቲ ስርዓት ክብደል ኢዩ ዝርአ ዘሎ። እቲ እንርእዮ ዘሎና ህድማታት ከኣ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ኢዩ ዘረጋግጽ ክብል መሊሱ።

ደምበ ተቓውሞን፡ ህልዊ ኵነታቱን ንዝምልከት ሕቶ ድማ፡ ተቓወምቲ ውድባት፡ ነቲ ኵነታት ንምግጣም ካብ ተስዓታት ኣትሒዞም ክሳዕ'ቲ ንኸሎም ተቓወምቲ ዝጥርንፍ ጽላል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብመጋቢት 2005 እተመስረተሉ እዋን፡ ጽዑቕ ዝኾነ ልዝባት ከምዘካየዱን፤ ዝተፈላለየ መልክዓት ዘለዎም ምሕዝነታት ከምዝፈጠሩን ሓቢሩ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣብ ዝተሓተ ፕሮግራምን፤ ኣብ ናይ ሓባር ራእዩ ናይ'ቲ ድሕሪ  ውድቀት እቲ ስርዓት ዝኽሰት መሰጋገሪ መድረኽን ዝተሰረተ ጽላል ኰይኑ፤ ኣብ ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ዲሞክራስያዊ ስነ-ምግባርን ሰላማዊ ምቅብባል ናይ ስልጣንን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ግዝኣተ-ሕጊ ዝነገሶ ቅዋማዊ ስርዓት ምትካልን ዘንጸባርቕ ቻርተር ከም ዘለዎ ኣብሪሁ። ኣገባብ ኣቀላልሳና ብዝምልከት ውን፡ ኣብ'ቲ ቻርተር ተነጺሩ ኣሎ ኢሉ።